Elim HOUSING — Homes that change people's lives

**ሓበሬታ ብዛዕባ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት: ግንቦት 2026**

እዚ ሓበሬታ ካብ ፈጻሚ ኣካል ናይ ኤሊም ፖል ስሚዝ ናብ ኩሎም ዓማዊል ኤሊም ዝተላእከት ደብዳበ ኮይኑ፣ ብዛዕባ እቲ ዝተተለመ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ኣብ መንጎ ኤሊምን ፕሌስስ ፎር ፒፕል ዝገልጽ እዩ።

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ነቶም ክህልዉኹም ዝኽእሉ ሕቶታት ዝምልስ ክከውን ተስፋ ንገብር። ብዛዕባ እቲ ምውህሃድ ዝተሓደሰ ሓበሬታ ኣብ ዌብሳይት ኤሊም ክንዝርግሕ ኢና።

### ፕሌስስ ፎር ፒፕል ግሩፕ (Places for People Group) መን እዮም?

ፕሌስስ ፎር ፒፕል (ፒ፣ኤፍ፣ፒ) ኣብ ዓዲ እንግሊዝ (ዩኬ) ዝርከብ ኣብ ቀዳማይ ደርጃ ዝስራዕ ናይ ንግዲ ትካል ኮይኑ ማሕበራዊ ጸገማት ወይ ጠለባት መፍትሒ ኣብ ምምጻእ ዝዓለመ ዝነጥፍ ትካል (ሶሻል ኢንተርፕራይዝ) እዩ። ፕሌስስ ፎር ፒፕል ቀጻሊ ዝኾነ ዕብየት ማሕበረሰብ ንምፍጣርን ንምድንፋዕን ዝሰርሕ ትካል ኮይኑ ህይወት ሰባት ንምቕያር ይጽዕት። እዚ ድማ ውሑስን ብሉጽን ዝኾነ ደረጃ ዘለዎ ገዛውቲ ንኽህሉ ዘረጋግጽ ምሕደራ ብምክያድ፣ ኣብ ግቡእ ቦታታት ሓደስቲ ገዛውቲ ብምህናጽ፣ ከምኡውን ንማሕበረሰባትን ዓማዊልን ብትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ድሕነትን ስራሕን ከምኡውን ንኹሉ ዓይነት ሕብረተሰብ ዘዋስእን ዝሓቑፍን ኣገልግሎት ኣብ ምህላው ሓገዛት የበርክት።

ፕሌስስ ፎር ፒፕል ብዙሓት ንኡሳን ትካላት ኣብ ትሕቲኡ ብምኽኣን ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ዝሓቖፈ ኮይኑ እዞም ንኣሽቱ ትካላት ድማ ከም ናይ ማሕበራዊ ገዛውቲ ኣገልግሎት ንምሃብ ብወግዒ ዝተመዝገቡ ትካላት እዮም። ብተወሳኺውን ብናይ ገዛውቲ ደረጃ ብቕዓት ኣገልግሎት ዝቆጻጸር ኣካል (ሪጉለተር ኦፍ ሶሻል ሃውሲን) ግቡእ ቀፅር ዝግበረሎም ትካላት እዮም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ: www.placesforpeople.co.uk ።

## ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት እንታይ እዩ?

ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ማለት ሓደ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ትካል ናብ ካልእ ዝመሓላለፈሉ ሕጋዊ መስርሕ እዩ። እዚ ማለት ድማ ኩሎም ገዛውቲ፣ ሓላፍነታትን ግዴታን እንኮላይ ነበርቲ ወይ ተኻረይቲ ናብ ሓድሽ ኣካራዪ ትካል ምትሕልላፍ ማለት እዩ። ንተኻረይቲ ብዝምልከት ድማ ብዛዕባ ውዕል ክራይ፣ ሊዝ ወይ ስምምዓት ናይ ክራይ ገዛ ከምኡውን መሰላትኩም ብዝምልከት ኩሉ ውሑሳት ኮይኖም ክቕጽሉ እዮም። ትካል ኣካራዪኹም ግን ናብ እቲ ሓድሽ ኣቕራቢ ክራይ ኣባይቲ ክቕየር ወይ ክመሓላለፍ እዩ። እቲ ዘመሓላለፈ ትካል ደጊም ኣይክህሉን እዩ፣ ኩሉ ነገር ድማ ኣካል ናይቲ ተቐባሊ ትካል መንበሪ ኣባይቲ ክኸውን እዩ።

ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ብ ፋይናንሻል ኮንዳክት ኣውቶሪቲ( Financial Conduct Authority - FCA) ግቡእ ምቁጽጻር ዝግበረሉን ብ ሪጉሌተር ኦፍ ሶሻል ሃውሲንግ (Regulator of Social Housing) ዝእለ/ዝምራሕ ሕጋዊ መስርሕ እዩ። እዚ ድማ እቲ መስርሕ ብግቡእ ከም ዝፍጸምን ኣብ ጥቕሚ ነበርቲ ከም ዝውዕልን የረጋግጽ።

### ውዕል ገዛ ክራይ፣ ፍቓድ/ልጨንሳ ወይ ውዕል ክቕየር ድዩ?

ኣይፋል። ብሰንኪ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ኣብ ውዕል ክራይኩም፣ ፍቓድ/ልቸንሳ ከምኡውን ሊዝ/ውዕል ዝኾነ ለውጢ ኣይክህሉን እዩ። ኩሉ ዘለኩም መሰላትን ሓላፍነታትኩምን ከም ዘለዉ ክቕጽል እዩ።

### ክፍሊት ክራይ ገዛ ብሰንኪ እዚ ለውጢ እዚ ክውስኽ ድዩ?

ኣይፋል። ክራይ ናይ ኩሎም ምዝጉባት ኣቕረብቲ መንበሪ ኣባይቲ ብሕግን ብመምርሒ ማእከላይ መንግስትን (ሪጉሌተር ኦፍ ሶሻል ሃውሲን/Regulator of Social Housing) ዝተማእከለን እዩ። ለውጢ ክፍሊት ክራይ ኩሉ ግዜ ብመሰረት እዚ መምርሒ እዩ ዝፍጸም ። እዚ ድማ ብመሰረት መምርሒታትን ፖሊሲታትን መንግስቲ ተቐይዱ እዩ ዝኸትድ።

## ናይ ተወሳኺ ኣገልግሎት ክፍሊት (ሰርቪስ ቻርጅ) ከ ብሰንኪ እዚ ለውጢ እዚ ክውስኹ ድዮም?

ኣይፋል። ናይ ተወሳኺ ኣገልግሎት ክፍሊት ብሰንኪ ጽምዶ ምትሕልላፍ ኣይክውስኹን እዮም። ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ብመሰረት ግምታዊ ወጻኢ ናይ ዝዋሃቡ ኣገልግሎት እዮም ዝዕቀኑ። ዓመታዊ ድማ ዳግማይ ይምርመሩ፣ ስለዚ ብመሰረት እዞም ወጻኢታት ክውስኽ ወይ ክንኪ ይኽእል። ዝኾነ ለውጢ ኣብ ኣገልግሎት ወይ ክፍሊት እንተሃልዩ ግን ኩሉ ግዜ ክንሕብረኩም ኢና።

ናይ ዝበዝሕ ኣባይቲ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ካብ 1 ሚያዝያ 2026 ክሳብ 31 መጋቢት 2027 ብ ኤሊም ተቖሚሩ ኣብ ለካቲት 2026 ተዋሂብኩም እዩ። ካብ ሚያዝያ 2027 ንደሓር ግን ፕሌስስ ፎር ፒፕል እዩ ነዚ ናይ ተወሳኺ ኣገልግሎታት ክፍሊት ዝምልከት ዳግመ ግምት ናይ ምግባርን ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኣቐዲምካ ናይ ምሕባርን ሓላፍነት ዝወስድ።

## ክግዕዝ የድልየኒ ድዩ?

ኣይፋል። ክትግዕዙ ኣየድልየኩምን እዩ። እዚ ጽምዶ ምምሕልላፍ ንብረት ኣብዚ ሕጂ ዘለኹሞ ገዛኹም ንናይ ምቕጻል መሰልኩም ዋላሓደ ጽልዋ ኣይክህልዎን እዩ፣ ኣብ ውሕስነት ናይ ክራይ ዋንነትኩም እውን ጽልዋ ኣይክህልዎን እዩ።

## ስታንዲንግ ኦርደር (Standing Order) ወይ ዳይረክት ደቢት (Direct Debit) ክቕይር የድልየኒ ድዩ?

ጽምዶ ምምሕልላፍ ንብረት እንተ ተፈጺሙ፡ ትከፍሉዎ ክፍሊት ኣብ ክንዲ ናብ ኤሊም ሃውሲንግ ኣሶስየሽን ሊሚትድ ናብ ፕሌስስ ፎር ፒፕል + ሊሚትድ እዩ ክኸውን።
እዚ ለውጢ ንዓኻትኩም ዝቐለለ ንምግባር ክንጽዕር ኢና፣ ከምኡውን ብናይ ስታንፊን ኦርደር (Standing Orders) ወይ ብካልኦት ኣገባብ ክፍሊት ዝግበሩ ለውጢታት እንተልዮም ክንሕብረኩም ኢና።

ብ Direct Debit ትኸፍሉ እንተኾንኩም ፡ ንስኹም ዋላሓንቲ ነገር ከይገበርኩም ክፍሊትኩም ብቐጥታ ክማሓላለፍ ይኽእል እዩ። ብዳይረክት ደቢት (Direct Debit) ንምኽፋል ዘኽእል መስርሕ ክትክተሉ እንተ ደሊኹም ንኤሊም ክትውከሱ ብትሕትና ንሓትት።

## እዚ ጽምዶ ንዘለኒ መንግስታዊ ድጋፍን ግቡእን ይቕይሮ ድዩ?

ኣይፋል። ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ኣብቲ ዝውሃበኩም መንግስታዊ ድጋፍን ግቡእን (benefits and entitlements) ዋላሓንቲ ጽልዋ ኣይክህልዎን እዩ።

ዝኾነ ቀጥታዊ ዝሕፈል ሃውሲንግ በነፊት ወይ ዩኒቨርሳል ክረዲት ፡ ናብ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ሊቪንግ + ሊሚትድ እምበር ናብ ኤሊም ሃውሲንግ ኣሶስየሽን ሊሚትድ ኣይኮነን ክኸውን ዘለዎ፣ እዚ ለውጢ ድማ ንዓኻትኩም ዝቐለለ ንምግባር ክንጽዕር ኢና።

**እዚ ተመዲብለይ ዘሎ ናይ ገዛ ዝምልከት ተሓጋጋዚ ወይ ናይ ድጋፍ ኦፊስር ከምዘለዎ ኣብ ስርሑ ክቕጽል ድዩ?**

ኣብቲ ኣብ ደገፍ ዝግበረሎም መንበሪ ኣባይቲ ዝነብሩ ነበርቲ፡ ናይ ደገፍ ጉጅለ ከም ዘለዎ ክቕጽል ተስፋ ንገብር። ኣብ መጻኢ ለውጢ እንተሃልዩ፡ ክንሕብረኩም ኢና።

ኣብቲ ብሓባር ዝውነን ወይ ደገፍ ዘይብሉ ክራይ ገዛ ብፕሌስስ ፎር ፒፕል ዝማሓደር ትነብሩ፡እንተ ኮንኩም ድሕሪ እቲ ተተሊሙ ዘሎ ናይ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ናይ ኮሚኒቲ መንበሪ ኣባይቲ ኣካያዲ ሰራሕተኛ ክግበረልኩም እዩ። እዚ እቲ ሕጂ ዝሕግዘኩም ዘሎ ሰብ ወይ ሓድሽ ሰብ ክኸውን ይኽእል።

እንተድኣ ሓድሽ ኮማዊ/ናይ ኮሚኒቲ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ኣካያዲ ሰራሕተኛ ተመዲብልኩም ኮይኑ፣ ባዕሉ ንገዛእ ርእሱ ከላልየኩም እዩ፣ ንዓኻትኩም ንምሕጋዝ ዘድልዮ ኩሉ ሓበሬታ እውን ክህልዎ እዩ።

**እቶም ናይ ኤሊም ሰራሕተኛታት ከ እንታይ እዩም ክኾኑ ?**

ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ ኤሊም ከም ኣካል ናይቲ ዝተመደበ ጽምዶ ምትሕልላፍ ኣብ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ስራሕ ክወሃቦም እዩ።

ኣብ ዝበዝሐ ኩነታት፡ ቅድሚ እቲ ን 5 ጥቅምቲ ተመዲቡ ዘሎ ናይ ምትሕልላፍ መዓልቲ፡ ኣብ ስርሖም ለውጢ ኣይክህሉን እዩ፣ ከምኡውን ኣብቲ ምስ ኣብቲ ናይ መሪሕነት ጋንታ ናይ ቦርድ ዘለዉ ኣብቲ ዝጸንሑዎ ስርሖም ክቕጽሉ እዮም። እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎ ኤሊምን ፕሌስስ ፎር ፒፕልን ዝግበር ምትሕልላፍ ስሉጥ ንምግባር ዝዓለመ እዩ።

**እዞም ሕጂ ዘለዉ ኮንትራክተራት ኣብቲ ስራሕ ናይ ጽገና ክቕጽሉ ድዮም?**
ፕሌስስ ፎር ፒፕል ናቶም ናይ ጽገና ሰራሕተኛታትን ብዝሒ ዘለዎም ኮንትራክተራት ኣለዎም፣ እዚኦም ድማ ንዝበዝሐ ናይ መጻኢ ኣገልግሎት ጽገና ነዚ ናይ ሕጂ ናይ ኤሊም መንበሪ ክጥቀሙሎም እዮም።

ከምኡውን ፕሌስስ ፎር ፒፕል ምስቶም ውዕል ዘለዎም ናይ ሕጂ ዘለዉ ናይ ኤሊም ኣቕረብትን ኮንትራክተራትን ኣብ ቦታኡ ኮይኑ ክሰርሕ እዩ።

ኣብ መጻኢ፡ ገለ ካብ ኮንትራክተራት ኤሊም ኣብ ናይ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ግሩፕ ኮንራክተር ዝምልከት ኣገባብ ንምጽንባር ምርጫ ክወሃቦም እዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ናይ ሕጂ ናይ ኤሊም ገዛውትን ኣብ ካልኦት ብፕሌስስ ፎር ፒፕል ዝውነኑ ገዛውቲ ስራሕ ክቕጽሉ ይኽእሉ ማለት እዩ።

**ኣብ ገዛይ ክትግበር ተመዲቡ ዝነበረ ጽገና ወይ ምምሕያሽ መደብ ክቕጽል ድዩ?**
እወ። ኣብ ገዛኹም ጽገና ወይ ምምሕያሽ ክግብር ከምዝተመደበ ዝኾና እንተ ኣረጋጊጽና፡ እቲ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ዝኾነ ጽልዋ ኣይክህልዎን እዩ።

ኣብ ሒደት ኣጋጣሚታት፡ ብኻልእ ምኽንያታት እቲ ስራሕ ከነደናጉዮ ንኽእል ኢና፣ ግን ከምዚ ክኸውን እንተኾይኑ ክንሕብረኩም ኢና።

**ውልቃዊ ሓበሬታይ እንታይ ክኸውን እዩ?**
ብ ኤሊም ተታሒዙ ዝነበረ ሓበሬታ ብውሑስ መገዲ ናብ ፋይል መስርሕ ምዕቃብ ሓበሬታ ናይ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ክመሓላለፍ እዩ።

ሓድሽ ፖሊሲ ናይ ምእካብ ውልቃዊ ሓበሬታ ፣ ኣጠቓቕማን ምዕቃብን ናይ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ዝምልከት ኣብ ግብሪ ዝውዕል ክህሉ እዩ። እዚ ድማ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ደጊም ብፕሌስስ ፎር ፒፕል እምበር ብኤሊም ሃውሲን ኣሶስየሽን ከም ዘይትሓዝ ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ ።

**<u>እቲ ዝተመደበ ናይ ጵምዶ ምትልላፍ ንብረት እንተ ዘይተፈጺሙ እንታይ ከጋጥም እዩ?</u>**
ምስ ዓማዊልና ዝግበር ምምኽኻርን ሓበሬታን ድሕሪ ምውዳእ እቲ መወዳእታ ውሳነ፡ ክውሰድ እዩ። እዚ ድማ ናይ ኤሊምን ፕሌስስ ፎር ፒፕልን ቦርድ ውጽኢት እቲ ምምኽኻር ኣብ ግምት ብምእታው ማለት እዩ።

እዚ ናይ ጵምዶ ምትሕልላፍ እንተ ዘይተፈጺሙ፡ ከም ተኻረይቲ፣ ወነንቲ ሊዝ ወይ ወነንቲ ፍቓድ ናይ ኤሊም ኮንኩም ክትቅጽሉ ኢኹም፣ ኤሊም ድማ ኣካል ከም ኣብ ትሕቲ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ኮይኑ ብምስራሕ ኣገልግሎቱ ክቕጽል እዩ።

ይኹን እምበር፡ እተን ክልተ ትካላት ነቲ ጵምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ብምፍጻም ምሉእ ብምሉእ ክዋሃሃዳ ወትሩ መደብ ኣለና። እዚ ነተን ክልተ ትካላት ንምውህሃድ ዝያዳ ውጽኢታዊ መንገዲ እዩ ንብል፣ እዚ ድማ ነቶም ሕጂ ዓማዊል ናይ ኤሊም ዘለዉ ዝያዳ ዘርብሕ ክኸውን እዩ።

**ኣብዚ ዝሕሰብ ዘሎ መደብ ዝኾነ ከጋጥም ዝኽእል ሳዕቤን ኣሎ ድዩ?**
ንኣዝዩ ሓጺር ግዜ፡ እዚ ጵምዶ ምትሕልላፍ ንገለ ዓማዊል ኤሊም ዕንቅፋት ወይ ዘይርጉጽነት ከምጽእ ከም ዝኽእል ንግንዘብ ኢና።

ኤሊም ከም ንእሽቶ ትካል ናይ ኣባይቲ፡ ብዙሓት ዓማዊል ንሰራሕተኛታት ኤሊም ብስሞም ይፈልጥዎም እዮም፣ ገለ ዓማዊል ድማ እቲ ምስ ግዜ ዝተፈጥረ ታሪኻዊ ፍልጠትን ሌላን ከም ዝንእዱ ንፈልጥ ኢና። ንገለ ዓማዊል ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ወይ ሓደስቲ ናይ ርክብ ኣገባባት ምልምማድ ኣጸጋሚ ክኸውን ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና፣ ግን ንኹሎም ዓማዊልና እቲ ምትሕልላፍ ብዝተኻእለ መጠን ስሉጥ ንምግባር ምስ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ክንሰርሕ ቅሩባት ኣለና።

ን "ኤሊም ኣባይቲ" ዝብል ስም ምስንባት ከቢድ ክኸውን እዩ፡ ግን ታሪኽናን ኣበርክቶናን ከም ኣካል ታሪኽ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ክቕጽል የሐብነና።

ብኣጠቓላሊ፡ እቲ ትልሚ ጵምዶ ምትሕልላፍ ንረብሓ ነበርትናን ተኻረይትን ከም ዝኾነ ንኣምን ኢና። እቲ ሓድሽ ዝተዋሃሃደ ትካል ንወጻኢ ኢኮኖሚያዊ ጸቕጢ ንምጽዋር ዝያዳ ድሉው ክኸውን እዩ፣ ምስ ግዜ ድማ ንነበርትናን ንብዙሕ ማሕበረሰብን እቲ ክንርእዮ እንደሊ ረብሓታት ከምጽእ እዩ።

**ድሕሪ ጵምዶ ምትሕልላፍ ኣገልግሎታት ብኸመይ ክቕየሩ እዮም?**
ካብ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ከምዚ ሕጂ እትረኽብዎ ዘለኹም ተመሳሳሊ ወይ ዝያዳ ኣገልግሎት መንበሪ ኣባይቲ፣ ደገፍን ናይ ጽገንና ኣገልግሎትን ክትረኽቡ ኢኹም።

እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪ እቲ ተመዲቡ ዘሎ ናይ ጵምዶ ምትሕልላፍ ንብረትን ኣገባብ ኣቀራርባ ኣገልግሎት ናይ ፕሌስስ ፎር ፒፕል፡ ገለ ካብዞም ኣገልግሎታት እትረኽብሉ ወይ እትበጽሕሉ ኣገባብ ክቕየር እዩ።
ከም ናይ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ዓሚል፡ ኤሊም ዘይህቦም ሓደስቲ ኣገልግሎታት እውን ክትረኽቡ ኢኹም።
ገለ ካብቶም ኣገደስቲ ለውጢታት ኣገልግሎት ድሕሪ ጵምዶ ምትሕልላፍ ድማ ኣብ ታሕቲ ቀሪቦም ኣለዉ፡

| ናይ ኣገልግሎት ክፍሊ ወይ ንጥፈት | ፕሌስስ ፎር ፒፕል ድሕሪ ዕለት 5 ጥቅምቲ 2026 ፣ጽምዶ ምትሕልላፍ ምስተገብረ ዘሎ ግዜ ኣገልግሎት ብኸመይ ክህብ እዩ? |
|---|---|
| ርክብ ዓሚል፡ ንኣካራዪኹም ብኸመይ ክትረኽብዎ ኢኹም | ብተሌፎን ወይ ኢንተርነት ናይ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ማእከል ርክብ ናይ ዓሚል ክትረኽቡዎም ትኽእሉ ኢኹም።<br><br>• ናይ ህጹጽ ጽገና መስመራት 24 ሰዓት ክፉታት እዮም።<br><br>• ንኻልእ ጉዳያት ድማ ካብ 8 ንግሆ ክሳብ 6 ድሕሪ ቀትሪ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ክፉታት እዮም።<br><br>እዚ ማለት ድሕሪ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንኣካራዪኹም ንምርካብ ዝያዳ ዕድል ክህልወኩም እዩ።<br><br>እቲ ትጥቀሙሉ ዘለኹም ቁጽሪ ተሌፎንን መርበብ ሓበሬታን ክቕየር እዩ። ቅድሚ ጽምዶ ምትሕልላፍ ምፍጻሙ ዝርዝር ሓበሬታ ክንልእኸልኩም ኢና።<br><br>ፒኤፍፒ ምስ ዓማዊል ንምርኻብ ዋትስኣፕ (WhatsApp) ኣይጥቀምን እዩ። |
| ኣገልግሎት ጽገናን ምምሕያሽን | ፕሌስስ ፎር ፒፕል (ፒ፣ኤፍ፣ፒ) ንምዱብን ህጹጽን ጽገና ኣገልግሎት ክህብ እዩ።<br><br>ኩሎም ምዱባት ጽገና ብተሌፎን፣ ኢንተርነት ወይ ብኣካል ናብ ፒ፣ኤፍ፣ፒ መሳርሕቲ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።<br>ንህጹጽ ጽገና ግን ብተሌፎን ክሕበር ኣለዎ።<br><br>ንጽገናታት ዝምልከት ፒ፣ኤፍ፣ፒ ብናቶም ንጡፋት ወይ ቅቡላት ኮንትራክተራት ክፍጽሙዎ እዮም።<br><br>ብዛዕባ ግቡኣት ናይ ዓሚል፣ ምዱብ ጽገናን ህጹጽ ጽገናን ናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ተወከሱ።<br><br>• ህጹጽ ጽገናታት ድማ ኣብ 24 ሰዓት ክፍጸሙ እዮም።<br><br>• ምዱብ ጽገና ኣብ 60 መዓልታት ክፍጸሙ እዮም።<br>ፒ፣ኤፍ፣ፒ ንናይ ዝተሰረዙ ቆጸራታት ንዓማዊል ክፍሊት ኣይሓትትን እዩ። |
| ጥዕናን ድሕነትን ንብረት | ጥዕናን ድሕነትን ብናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ጉጅለታት ክንክን ክግበረሉ እዩ፣ ንዓኻትኩምን ጎረባብትኹምን ውሕስነትኩም ንምርግጋጽ ድማ ክቕጽሉ እዮም። |

| | |
|---|---|
| | ፒ፣ኤፍ፣ፒ ከምቲ ሕጂ ብኤሊም ዝወሃቡ ዘለዉ ተመሳሰልቲ ብቕዓት ከማልእ ይግባእ። |
| ምርመራ ንብረት ወይ ዋኒን | ምርምርራ ንብረት ወይ ዋኒን ብናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ጉጅለታት እንኮላይ ኮማዊ ናይ ኣባይቲ ኣካየዲ ስራሕ ን ናይ ኣገልግሎት ኣካየድቲ ስራሕን ክፍጸሙ እዮም። |
| ሓባራዊ ኣገልግሎታት (ጽሬትን ናይ ኣትክልቲ ኣገልግሎት) | ድሕሪ ጽምዶ ምትሕልላፍ ኣብ ኮንትራክተራት ለውጢ ክህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ክኸውን እንተ ኾይኑ ክንሕብረኩም ኢና።<br><br>ጽሬትን ናይ ኣትክልቲ ኣገልግሎትን ብ ናይ ፒኤፍፒ ጉጅለ ዋኒን ወይ ናይ ፒኤፍፒ ቅቡላት ኮንትራክተራት ክፍጸሙ እዮም። |
| ብገዛእ ርእስኻ ኣገልግሎት ትረኽበሉ ፡ ናይ ኢንተርነት ናይ ዓሚል መእተዊ | ኣብ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ናይ ዓሚል መእተዊ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኣብኡ ድማ ንመንበሪ ቤትኩም ቢንተርነት ክተማሕድሩ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ፡-<br><br>• ክራይ ወይ ሊዝ ምምሕዳር<br>• ዘይተኸፈለ ክፍሊትን ን ሕሳብኩምን ምርኣይ<br>• ክፍሊት ምፍጻም<br>• ጸገም ወይ ብዛዕባ ጽገና ምሕባር<br>• ኣብ ገዛኹም ለውጢ ምሕታት ወይ ሓድሽ ናይ ገዛ እንስሳ ምሕታት<br><br>ኣብዚ ሕጂ እዋን ኤሊም ንዓማዊል ብገዛእ ርእሶም ብኢንተርነት ክግልገሉሉ ኣማራጺ ኣይህብን እዩ። |
| ውዕል ክራይን ሊዝን | ኣብ ክራይ፣ ፍቓድ ወይ ኩነታት ውዕል/ሊዝ ዝኾነ ለውጢ ኣይክህሉን እዩ። |
| ምውሳን ክራይ | ብሰንኪ ጽምዶ ምትሕልላፍ ኣብ ክራይ ለውጢ የለን።<br>ክራይኩም ብመሰረት ናይ መንግስቲ ፖሊሲ እዩ ዳግመ ግምትን ለውጥ ዝግበረሉን። |
| ምውሳን ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት | ካብ ሚያዝያ 2027 ንደሓር ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ብፒ፣ኤፍ፣ፒ ዳግመ ግምት ክግበረሉን ክውሰኑን እዮም።<br><br>ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ዓመታዊ ይምርመሩን ብመሰረት ግምታዊ ወጻኢ ትረኽብዎ ኣገልግሎት ድማ ንህንጻኹምን ማሕበረሰብኩምን ይውሰኑ።<br><br>ስለዚ፡ ብመሰረት ዝግበር ለውጢ ወጻኢታት ናይ ትርኽብዎ ኣገልግሎት ክፍሊት ክውስኽ ወይ ክንኪይ ይኽእል እዩ። |

| | |
|---|---|
| | ተቐያያሪ ኣግልግሎት ኣብ ዘለዎም ወነንቲ ኣባይቲ ዓመታዊ ምውርራድ ክግበሩ እዮም። |
| ክራይን ናይ ኣገልግሎት ክፍሊትን ምኽፋል | ክራይን ናይ ኣገልግሎት ክፍሊትኩምን በዞም ዝስዕቡ መገድታት ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም፡-<br><br>• ናይ ዳይረክት ደቢት ብቐጥታ ካብ ባንኪ ሕሳብ ከምዝውሰድ ብምግባር (direct debit)<br><br>• ስታንዲንግ ኦርደር (standing order)<br><br>• ብመንገዲ መስመር ኢንተርነት ኣብ ኦንላይን (ኦንላይን ካስተመር ፖርታል)<br><br>• ብቐጥታ ብናይ ቴለፎን ኣገልግሎት ክፍሊት (ኣውቶሜትድ ቴለፎን ፕይመንት)<br><br>እዚ ማለት ጽምዶ ምትሕልላፍ ሓደስቲ ኣገባባት ክፍሊት ክህበኩም እዩ።<br><br>ብኦልፕይ ኦንላይን (AllPay online) ወይ ብተሌፎን ትኸፍሉ እንተኾንኩም ብከምኡ ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም። ፒ፣ኤፍ፣ፒ ሓደስቲ ናይ ኦልፐይፐይመንት ካርድስ (AllPay payment cards) እንተ ዘይሃበ እውን፡ እቲ ዘለኩም ካርድ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።<br><br>እዚ እንተ ተቐይሩ፡ ሓድሽ ኣገባብ ክፍሊት ንምምራጽ ክንሕግዘኩም ኢና። |
| ዋንነት መንበሪ ቤት | ናይ ኤሊም ወነንቲ ቤት ወይ ናይ ብሓብር ዝውነን ቤት እንተ ኾይንኩም፡ ድሕሪ ጽምዶ ምትሕልላፍ ፍሉይ ኣገልግሎታት ክትረኽቡ ኢኹም፣ እዚ ድማ ብዛዕባ ምምሕዳር ገዛኹም ወይ ሊዝ/ውዕል ሕቶታት ክትሓቱዎ እትኽእሉ ጉጅለ ክህልወኩም እዩ።<br><br>ገለ ወነንቲ ኣባይቲ ወይ ብሓብር ዝውነን ኣባይቲ ዘለዎም ብኣር ኤም ጂ (RMG) ወይ ታችስቶን (Touchstone) ከምዝማሓደር ክኸውን እዩ። እዚ ንዓኹም ዝምልከት እንተ ኾይኑ፡ ግዜኡ ምስ ቀረበ ክንሕብረኩም ኢና።<br><br>ንሓበሬታን ንምምሕዳር ገዛኹምን ናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ሆም ኦውነርስ ሃብ ብኢንተርነት ክትጥቀሙ ትኽእሉ። |

| | |
|---|---|
| | ብኤሊም ዝተገበረ መድሕን ናይ ገዛኹም ናብ ናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ናይ መድሕን ኩንትራት ክተሓላለፍ እዩ። እዚ ማለት ናይ መድሕን ክፍሊት ካብ መዓልቲ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ክቕየር ይኽእል እዩ። |
| ጥርዓንን መረረን | ጥርዓን ወይ መረረ እንተሊኩም ናብ ናብ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እቲ መልሲ ድማ በቲ ነዚ ዝምልከት ዝቆጻጸር ኣካል (ሃውሲንግ ኦምቡድስማን ኮምፐለይንት ሃንድሊንግ ኮድ 2024) መሰረት ክፍጸም እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ። placesforpeople.co.uk |
| ምእላይን ምሕባርን ብዛዕባ ጸረ ምሕበራዊ ጠባያት | ብዛዕባ ጸረ ምሕበራዊ ጠባያት ብተሌፎን፣ ብኢንተርነት ወይ ብኣካል ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።<br><br>ፒ፣ኤፍ፣ፒ ንከበድቲ ጉዳያት ዘለዎም ኮማዊ ጉጅለታት ዝድግፉ ኮማዊ ናይ ድሕነት ኣካየድቲ ስራሕ ኣለውዎም። |
| ተሳትፎ ዓሚል | ፒ፣ኤፍ፣ፒ ካብ ናይ ኤሊም ዝዛይድ ሰፊሕ ናይ ዓሚል ተሳታፍነት ዕድል ይህብ።<br><br>ፒ፣ኤፍ፣ፒ ሃገራዊ ጉጅለ ዓሚል (National Customer Group) ንዞባዊ ጉጅለ ዓሚል( Regional Customer Groups) ኣለዎም፣ ኣብኡ ንምስታፍ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።<br><br>ከምኡውን ኣብ ናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ዘ ልሲንግ ሩም (“The Listening Room”) ክትምዝገቡ ትኽእሉ፣ ኣብኡ ድማ ርእይቶኹምን ሓሳባትኩምን ብኢንተርነትር ክትካፈሉ ትኽእሉ። |
| ድጋፍ ዓሚል | ንክራይ ገዛ ዝምልከት ዝኾነ ድጋፍ ምስትደልዩ ን ናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ማእከል ኣገልግሎት መራኸቢ ወ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ኮማዊ ኣገልግሎት ኣካያዲ ስራሕ/መናጀር ብምውካስ ግዳፍ ክትረኽቡ ትኽእሉ።<br><br>ዓይነት ኣገልግሎት ድጋፍ ናይ ገዛ ክራይ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል<br>• ናይ ገንዘብ ዝምልከት ምኽሪ<br>• ናይ በነፊት/መንግስታዊ ድጋፍ<br>• ናይ ጋዝን ኤለክትሪክን ዝምልከት<br>• ኣቕሑ ገዛ ዝምልከት ምኽሪ<br>• ናይ ዘመናዊ ኣጠቓቕማ ንብረት ዝምልከት ናይ ተክኒክ ድጋፍ (Digital empowerment)<br>• ናይ ስራሕ፣ ክእለትን ስልጠናን ዝምልከት ድጋፍ<br>• ድሕነት |
| ብዛዕባ ናይ ኮሚኒቲ፣ስራሕን ስልጠናን ዝምልከት ዕድላት | እቲ እትነብርሉ ኮሚኒቲ በዞም ዝስዕቡ ኣካላት ድጋፍ ክግበረሉ እዩ።<br>• ኮማዊ ወፍሪ ኣብ ልዕሊ ናይ ወለንታዊ ከምኡውን ንዓማዊል ኣብ ምሕጋዝ ዝነጥፉ ትካላት |

| | |
|---|---|
| | • ኣብ ከባብያዊ ምትሕግግዛ ንምድንፋዕ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብራ ትካላት ኣብ ምቅርራብን ምርኻብን ዝነጥፋ ትካላት<br><br>• ምስ ፒ፣ኤ፣ፒ (ፕሌስስ ፎር ፒፕል) ብምሽራሕ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝነጥፋ ትካላት ከም ናይ ስልጠና፣ ስራሕ፣ ድጋፍን ፋይናንሳዊ ሓገዝን ኣብ ምሃብ ዝነጥፋ ትካላት<br><br>• ናይ ሳልሳይ ኣካል ዝግበር ናይ ፋይናንስ ድጋፍ ንምርካብ ዝግበር ቅጥዒ ምምልካት ወይ ምስ ካልኦት ትካላት ብምሽራኽ ዝሰርሕ ትካል |
| ኣገልግሎት ድጋፍ ዘለወን ናይ ገዛውቲ ወሃብቲ ትካላት | ኣብ ተወሳኺ ድጋፍን ሓገዝን ዝህባ ናይ ገዛውቲ ኣገልግሎት ትካላት ትነብሩ እንተሊኹም ተወሳኺ ድጋፍ ዝውሃበኩም ኣይክህሉን እዩ ብሰንኪ እዚ ዝካየድ ናይ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት። |
| ናይ ጂብሲ ከምኡውን ናይ ተጓዓዝቲ/ተንቀሳቀስቲ ዝምልከት ናይ ገዛ ኣገልግሎት | ኣብ ናይ ጂብሲ ከምኡውን ናይ ተጓዓዝቲ/ተንቀሳቀስቲ ዝምልከት ገዛውቲ ትነብሩ እንተኾይንኩም ምስ እዚ ናይ ጽምዶ ምትሕልላፍ ዝሕሰብ ዘሎ ዝተሓሃዝ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ከምዘየለ ክንሕብረኩም ንፈቱ። ነቲ እትነብርልሉ መንበሪ ዘመሓድሩ ናይ ገዛ ዝምልከት ዝሕግዙ ክኢላታት ሰብ ሞያ ክህልዉኹም እዮም ፕሌስስ ፎር ፒፕል ድማ ናይ ገዛን ጽገናን ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ናይ ኣገልግሎት ጽገና ብሉጽን ብቑዕን ዓይነት ኣገልግሎት ክህብኹም እዮም። |